HUMAN RIGHTS WATCH

# እኩይ ነገር ኣይትስማዕ፤

## ስራሕ ብኣስገዳድን ጉጅለኣዊ ሓላፍነትን ኣብ ትካል ዕደና ኤርትራ

Copyright © 2013 Human Rights Watch
All rights reserved.
Printed in the United States of America

Human Rights Watch is dedicated to protecting the human rights of people around the world. We stand with victims and activists to prevent discrimination, to uphold political freedom, to protect people from inhumane conduct in wartime, and to bring offenders to justice. We investigate and expose human rights violations and hold abusers accountable. We challenge governments and those who hold power to end abusive practices and respect international human rights law. We enlist the public and the international community to support the cause of human rights for all.

Human Rights Watch is an international organization with staff in more than 40 countries, and offices in Amsterdam, Beirut, Berlin, Brussels, Chicago, Geneva, Goma, Johannesburg, London, Los Angeles, Moscow, Nairobi, New York, Paris, San Francisco, Tokyo, Toronto, Tunis, Washington DC, and Zurich.

For more information, please visit our website: http://www.hrw.org

HUMAN RIGHTS WATCH

# እኩይ ነገር ኣይትስማዕ፤ ስራሕ ብኣስገዳድን ጉጅለኣዊ ሓላፍነትን ኣብ ትካል ዕደና ኤርትራ


**ጽሚቕ ትሕዝቶ ............................................................ 1**

**ምሕጽንታታት ............................................................ 4**

ንዓለምለኻውያን ኣብ ኤርትራ ዝሰርሓ ዘለዋ ኩባንያታት ............................................................ 4

ንነቭሱን ሪሶርስስ (Nevsun Resources) ............................................................ 4

ንመንግስታት ካናዳ፣ ኣውስትራልያ፣ ቻይናን ካልኦት መንግስታት ናይ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፋ ዘለዋ ናይ ዕደና ኩባንያታት ............... 4

ንመንግስቲ ኤርትራ ............................................................ 5

# ጽማቕ ትሕዝቶ

ኤርትራ እተስደምም ሃገር እያ። መንግስታ ንዝኾነ ናይ ውሽጢ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ምጭፍላቕ ከይኣኸሎ፡ ወጻኢ ፖሊሲታቱ እውን ኣዝዩ ጐነጻዊ (ዓንዳሪ) ኰይኑ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ድማ ኣዝዮም ውሕዳት ኣዕሩኽ ጥራይ ከምዝውንን ገይርዎ ይርከብ። ካብ 2009 ጀሚራ እዛ ሃገር እዚኣ ንእስላማውያን ሓይልታት ሶማል ስለዝደገፈት ብውድብ ሕቡራት ሃገራት እገዳ ተገይሩላ ጸኒሑ ኣሎ።

ብሰሪ ናይቲ መንግስቲ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ተነጽሎ፤ ቁጠባ ናይዛ ሃገር እዚኣ ኣዝዩ ተሃስዩ እዩ ጸኒሒ ዘሎ። ካብዚ ዝሓለፈ ውሑድ ዓመታት ትጀሚሩ ግን እቲ መንግስቲ ኣቓልቦ በቲ ድንግል ዝኾነ ማዕድናዊ ሃብቲ እዛ ሃገር ዝተወናወኑ ዓለምለኻውያን ኣውፈርቲ ስሒቡ ይርከብ። እዚ ፈተነ እዚ ድማ ገለ ዓወታት ኣመዝጊቡ ይርከቡ። እቲ ናይታ ሃገር ፈላሚ እዋናዊ ዝኾነ ዕደና ድማ ብሽርካ እቲ መንግስትን ሓንቲ ነቭሱን ሪሶርስስ (Nevsun Resources) እትበሃል ካናዳዊት ኩባንያን ዝቐመ ኰይኑ ኣብ 2011 ንኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ዝግመት ፍርያት ከምዝገበረ ኣውጇ። ሓያለ ኩባንያታት ካብ ካናዳ፣ ኣውስትራልያን፣ ቻይናን ካልእን ሓደስቲ ፕሮጀክትታት ኣብ ምምዕባል ይርከባ ኣለዋ። ናይ ሃንደሳ ኩባንያታት እውን ሃንደሳታተን ኣብ ምሉእ ሃገር የካይዳ ኣለዋ።

ተመኩሮ ናይ ነቭሱን ከምዝሕምቶ እዘን ናይ ዕደና ኩባንያታት ምምዕባል ፕሮጀክትታት ኣብ ኤርትራ ከካይዳ እንተኾይነን ናብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ገጸን ይስጉማ ኣለዋ ማለት እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ገፋዒ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ ብሸም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝካየድ ናይ ኣስገዳድ ስራሕ ፕሮግራም ተሳተፍቲ ንምዃን ኣብ ሓደጋ ኣለዋ ማለት እዩ። ብመንገዲ እዚ ፕሮግራም እዚ መንግስቲ ኤርትራ ሰፊሕ ዝኾነ ቁጽሪ ኤርትራውያን ሒዙ ከም ዓስከር ተቐጻጺሩዎም ይርከብ። ወላኳ ን18 ኣዋርሕ ዝኸይድ ፕሮግራም ተባሂሉ ኣብቲ ፈለማ ተመዲቡ እንተነበረ፡ ድሒሩ ግን እዚ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ፕሮግራም እዚ ንኹሉ ኣካላዊ ብቑዓት ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ንዘይተወሰነ ግዜ ንኸገልግሉ ይግድድ። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ኣገልግሎት እዚ ንዓመታት ዝቕጽል ኰይኑ፡ መኣስ ከምዝውዳእ እውን ንተሳተፍቲ ፍሉጥ ኣይኰነን ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣባላት እዚ ኣገልግሎት እዚ ኣብ ኣዝዩ ሕማቕን ግፍዒ ዝመልአ ኩነታት ንኽነብሩ የገድድ። እቶም ካብዚ ከሃድሙ ዝፍትኑ፡ ኣብ ናይ መግረፍትን ማእሰርትን፡ ወላውን ኣብ ልዕሊ ስድራቤቶም ንዘወርድ ናይ ሕነ ምፍዳይ ጭቆናን ሓደጋ ይወድቁ።

ገለ ካብዞም ዓስከር ኣብ ብመንግስቲ ዝውንና ንኹሉ ንህንጻ ዝምልከት ነገራት ኣብ ዋንነት ዘእተዋ ናይ ህንጻ ትካላት ይምደቡ። ኣብቲ ሃገር ዝነጥፉ ዓለምለኻውያን ናይ ዕደና ኩባንያታት ነዘን ሃገራውያን ኩባንያታት ንኽቐጽርአን ድማ ካብቲ መንግስቲ ሓያል ጸቕጢ ይወርደን። እዚ መንግስቲ ከም ዝበለን እንተገይረን ግና ኣብ ሓደጋ ናይ ምጥቃም፡ ብኣዝዩ ሕማቕ ናይ ኣተሓሕዛ ኩነት ዝነብሩ ግዱዳት ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ተሳተፍቲ ይኾና።

ነቭሱን ብ2008 ኣብ ብሻ ናይ ዕደና ህንጻ ኣብ ዝገበረትሉ እዋን ዝኾነ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ጉዳያት ኣብ ግምት ኣየእተወትን። ስለዚ ናታ ንምሕላው ሰብኣዊ መሰላት ንምርግጋጽ ዘኽእል መስርሕ ኣዝዩ ድሩት እዩ ነይሩ። ብድፍኢት እቲ መንግስቲ ድማ ንሰገን ናይ ህንጻ ኩባንያ ከም ሃገራዊት ኮንትራክተር ኣብ ስራሕ ኣሳቲፋታ። ሰገን በቲ ስልጣን ዓቲሩ ዝርከብ ህግደፍ እያ እትውነን። ብቐጻሊ ናይ ብመንግስቲ ዝተመደቡላ ዕስኩራት ሰራሕተኛታት ጉልበት ከም እትምዝምዝ ድማ ጭብጥታት ኣሎ።

ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ናይ ነቭሱን ፕሮጀክት ኣብ ብሻ ዝተሳተፉ ኤርትራውያን ኣዘራሪባ ነይራ። ካብኦም ክልተ ሰባት ዓስኪሮም ምንባሮምን ብሰገን ተገዲዶም ኣብ ፈለማ ምምዕባል እቲ ናይ ናይ ዕደና ማእከል እቲ ኣብ ህንጻዊ ስራሓት ከምዝተሳተፉ ይሕብሩ። ካልእ ንጹራት ጭብጥታት ከምዘርእይዎ ድማ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ብሻ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ሰገን ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ይነብሩ ምንባሮምን፡ ካብ

ዋሕዲ መግብን ዘይብቑዕ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ኩነታት ይሳቐዩ ከምዝነበሩ ይሕብር። እቶም ንሕና ቃለ-መሕትት ዝገበርናሎም ሰራሕተኛታት ከምዝሕብርዎ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ኣብ ኣዝዩ ናይ ፍርሒ ኩነታት ይነብሩ ምንባሮምን፡ ብዛዕባ ናቶም ኩነታት ዝኾነ መረረ ንኸየሰምዑን መጠንቀቕታታት ከም ዝተዋህቦምን ይገልጹ። ሓደ ካብቶም ዓሳክር ነበር ንትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ከምዝገለጾ፡ ኣብ ናይ መቕርቡ ዝኾነ መዋቲ ሰብ ቀብሪ ንምስታፍ ብፍቓዱ ካብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ናብቲ ቀብሪ ዝተኻየደሉ ቦታ ስለዝኸደ፡ ተታሒዙ ከምዝተኣሰረ ይገልጽ።

ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ነቭሱን ሰፊሕ ዝርርብ ብምክያድ፡ እታ ኩባንያ ንዝቐርቡላ ክስታት ብኸመይ ከም እትምልስ ንምርዳእ ክኢሉ። ንሕቶታትና ብመንገዲ ነቭሱን ዝተዋህበ መልሲን እቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቅታትን ግና ኣዝዩ ዘሰክፍ እዩ። እዛ ኩባንያ እዚኣ ዓስከር ኣብ ብሻ ብግዴታ ይሰርሑ ምንባሮምን ዘይምንባሮምን ብርግጽ ትፈልጥ ኣይትመስልን። ነዚ ንምጽናዕ ዝገበረቶ ፈተነ እውን ብመንገዲ ሰገን ተሰናኺሉ እዩ። ስለዚ ነቭሱን ንኮንትራክተራ ንኽትተሓባበር ከተገድዳ ምንም ዓቕሚ ከምዘይብለ እዚ ካልእ መረጋገጺ እዩ። ነቭሱን ንሰራሕተኛታት ሰገን ቃለመሕትት ብምግባር እታ መሻርኽታ (ሰገን) ኣብ ዝኾነ ናይ ግፍዓዊ ናይ ስራሕ ኩነታት ተሳታፊት ከምዘይኮነት ከተረጋግጽ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን እውን እንተኾነ ሰገን ፍቓድ ከሊኣታ እያ። ነቭሱን ኩነታት ኣብ ጥቓ ናይቲ ናይ ዕደና ቦታ ኣብ መዓስከር ንዝነብሩ ሰራሕተኛታት ሰገን ንምፍላጥን ንምምርማርን ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን እውን ሰገን ንነቭሱን ናብቲ መዓስከር ምእታው ከሊኣታ እያ። ኣብ 2012 ቢሻ ፕሮጀክት ምስ ሰገን ክይተሻረኸት ሓደስቲ ናይ ዕደና ማእከላት ከተስፋሕፍሕ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን እውን መንግስቲ ኤርትራ ከተቋርጾ ኣዚዝዋ። ስለዚ ከኣ ሰገን ተመሊሳ ኣብ ዝነበራ ቦታ ኣተወት።

እቲ ዝገርም ነገር ግን፡ ነቭሱን ብዛዕባ ዘኽስሳ ምግሃስ መሰላት ብዝምልከት ነዛ ብመንግስቲ ደገፍ ዘለዋን ብፖለቲካ ምስኡ ዝተኣሳሰረትን ኮንትራክተር ደፊራ ክትገጥማ ዓቕሚ ዘይብላ ምዃና እዩ። ብኣንጻሩ፡ ናታ ግብረ መልሲ ንምንጻግ ናይ ሰገን ሱቕ ኢልካ ምቕባል ጥራሕ ኮይኑ ተሪፉ። ይኹን እምበር ነቭሱን ኣብቲ ንሳ እትሰርሓሉ ቦታ ጸገም ናይ ሰብኣዊ መሰላት እንዳሃለወ፡ እቲ ሓላፍነት ንሳ ከፊላ ንእተስርሓ ኮንትራክተር ጥራይ ክትህባ ዘይከኣል እዩ። ዝኾነ ብሰገን ዝፍጸም ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ንነቭሱን እውን ከምዝምልከት ምፍላጥ የድሊ። ነቭሱን ንምጽራይን ንምዕጋትን እዞም ሽግራት እዚኣቶም ሓላፍነት ትስከም እያ።

እቶም ኣብዚ እንረኽቦም ትምህርትታት ንጹራት እዮም። ናይ ዕደና ትካላት ወይ ስራሓተን ብግፍዕታት ዝተሰነየ ከምዘይኮነ ኣነጺረን ከረጋግጻ ኣለወን ወይ ድማ ብመሰረቱ ኣብታ ሃገር ወፍሪ ካብ ምክያድ ክቝጠባ ኣለወን። ዕዉት ዝኾነ ውሕስነት ሰብኣዊ መሰላት ከረጋግጻ እንተኾይነን መደባት ምምዕባል ፕሮጀክትታተን ምስተሰላሰለ፡ ኣብ በረራ ኮይነን ከረጋግጽኦ ዘይከኣል እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘካይድኦ ስራሓት ምስ ናይ ስራሕ ኣስገዳድ ዝተኣሳሰረ ምስ ዝኸውን ግን ምስናይ መንግስተንን ተሻረኽተንን ተሰከምቲ ሓላፍነት እየን።

ነቭሱን ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ስራሓት ብዝምልከት ብህጹጽ ድኽመታታ ከተጋልጽን፡ በዚ ዘላቶ ህልዊ ኩነታት ምስራሕ ክትነጽግን ኣለዋ። እዛ ኩባንያ ኣብ ጉዳይ ምስ ብሻ ዝተኣሳሰሩ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምምርማር ምሉእ ምትሕብባር ናይ መሻርኽታ ክትጠልብ ኣለዋ። እዚ ተመኩሮ ናይ ነቭሱን ከኣ ንኻልኦት ናይ ዕደናን ሃንደሳን ኩባንያታት ከም መዘካኸሪ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎን ካልእን ጭብጥታትን ምናልባት ኣብ ኤርትራ ኣብ ናይ ዕደና ትካል ከውፍራ ንዝደልያ ኩባንያታት ኣብ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ሓደጋ ከምዘለዋ ከዘኻኽረን ይግባእ።

እቲ ዘሕዝን ግና እተን ኣብ ምምዕባል ፕሮጀክትታት ዝርከባ ካልኦት ናይ ዕደና ትካላት እዚ ሓደጋ እዚ ብግቡእን ብጥንቁቕን መንገዲ ኣብ ግምት የእትዋ ከምዘለዋ ዘርኢ ነገር የለን። እዘን ናይ ኣውስትራልያ ሳውዝ ቦውልደርስ ዕደና (South Boulder Mines)፣ ናይ ካናዳ ሳንሪጅ ጎልድ (Sunridge Gold) ከምኡ'ውን ናይ ቻይና ሴፍኮ ግሩፕ (SFECO Group) ብህጹጽ ናይ ዕደና ማእከላት የማዕብላ ኣለዋ። ካልኦት ኩባንያታት ድማ ኣብ ዳህሳስ ይርከባ። ኣብ ምስ ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላትን ሓላፊ ናይ ሳውዝ ቦውልደር ማይንስን (South Boulder Mines)

ዝተገብረ ርክብ እቲ ሓላፊ ኩባንያኡ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ሓደጋ ተሳታፊት ክትከውን ከምእትኽእል ከምዘይፈልጥን፡ ወላ ኣብ ናይ ኣስገዳድ ናይ ጉልበት ስራሕ ሓደጋ ብዝምልከት ክሳብ ሕጂ ምንም መጽናዕቲ ከምዘየካየደት ተኣሚኑ። ሳንሪጅ ጎልድ (Sunridge Gold) እቲ ብተደጋጋሚ ብተሌፎንን ጽሑፍን ዝቀረበላ ሕቶ መልሲ ኣይሃበትሉን። ስፈኮ ኣብዚ ቀረባ እዋን እያ ኣብ ትካል ዕደና ኤርትራ ተሳታፊት ክትከውን ክኢላ ዘላ። እዚ ድማ ናይ ዛራ ናይ ወርቂ ፕሮጀክት ካብ ኣውስትራልያዊት ኩባንያ ሻሊስ ጎልድ (Chalice Gold) ኣብ 2012 ምስ ገዝአት ኣትሒዛ እያ።

ኣብ መደምደምታ፡ እዚ ጸብጻብ እዚ ንምንታይ ምንግስታት ከም በዓል ካናዳ፣ ኣውስትራልያን ቻይናን ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ጉዳያት ኩባንያታተን ኣብ ደገ ንዝገብርኦ ወፍርታት ዕቱብ ቆላሕታ ንምሃብ ቅጥዕታት ከውጽኣ ከምዘይከኣላ ሓያል ኣብነት የረጋግጽ።

## ምሕጽንታታት

**ንዓለምለኻውያን ኣብ ኤርትራ ዝሰርሓ ዘለዋ ኩባንያታት**

- ቅድሚ ምምዕባል ፕሮጀክትታት ኣብ ኤርትራ፡ እኹል ዝኾነ ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ንቕሓት ብፍላይ ኣብቲ ዝተጠናነገ ጉዳይ ናይ ኣስገዳድ ስራሕ ንኸተወግዳ ጻዕርታት ግበራ።
- ሓይሊ ጉልበት ግዱድ ዕስክርና ተጠቒመን ዝሰርሓ ሃገራውያን ኮንትራክተራት ኣይትቖጽራ።
- ክሳብ ንሃገራውያን መሻርኽቲን ሰራሕተኛታተን ቀጥታዊን ነጻን ዝኾነ መራኸቢ ባይታ እትረኽባሉ ዓውዲ ዘይመስረትክን፡ ኣብ ኣርትራ ፕሮጀክትታት ኣይተማዕብላ።
- ንኹሎም ኣብቲ ፕሮጀቕትታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዝምልከት ኰይኑ፡ ዝኾነ ሰራሕተኛ በደል ኣብ ዝወርዶ እዋን ብነጻ ክሽሰስ ዘኽእሎ ባይታ ክትፈጥራ ኣሎክን።
- ክሳብ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ንዝኾነት ዝቘጸርክንኣ ሃገራዊት ኮንትራክተር ኣብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ተሳታፊት ምስ እትኸውን ወይ እውን ናይ ኣስገዳድ ጉልበት ሰብ ተጠቃሚት ምስ እትኸውን ንኸተባርርኣ መሰልክን ሕሉው ምዃኑ ኣብ ስምምዕ እትበጽሓ፡ ዝኾነ ፕሮጀክት ኣብ ኤርትራ ኣይተማዕብላ ወይ ስራሕክን ኣይትቐጽላ።

**ንነቭሱን ሪሶርስስ (Nevsun Resources)**

- ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተተቐሰ ምሕጽንታታት ኣማልኢ።
- ኩሉ ኣብ ብሻ ምስ ኩባንያ ሰገን ናይ ህንጻ ኩባንያን ናይ ቢሻ ሽርካ ናይ ዕደና ኩባንያ (Bisha Mining Shareholding Company (BMSC)) ዘለኪ ስምምዕ ኣቋርጽዮ።
- ንብመንገዲ ብሃገራዊ ኣገልግሎት ተዓስኪሮም ኣብ ግዱድ ናይ ጉልበት ስራሕ ዝጽመዱ ሰራሕተኛታት ዝምልከት ምግሃስ ንምውጋድ እኹል ዝኾነ ቅጥዒ ክትድህስሲ (ከተማዕብሊ) ይግባእ።
- ንብድሕሪ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝካየዱ ናይ ዕደና ፕሮጀክትታት ንድሕነት ሰብኣዊ መሰላት ዘማልኡ ኮይኖም፡ ንዝኾነ ነዚ ዝግህስን ግዱድ ሰብኣዊ ጉልበት ከምዝጥቀምን ወይ ሰብኣዊ መሰላት ከም ዝግህስ ዝተፈልጠን ሃገራዊ ኮንትራክተር ከም ሰገን ናይ ህንጻ ኩባንያ ዝኣመሰለ ዘየሳትፍ ክኸውን ይግባእ።

**ንመንግስታት ካናዳ፣ ኣውስትራልያ፣ ቻይናን ካልኦት መንግስታት ናይ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፉ ዘለዋ ናይ ዕደና ኩባንያታት**

- ንሃገራውያን ኩባንያታት ኣብ ወጻኢ ዘካይድኦ ስራሓትን ንሕቶ ሰብኣዊ መሰላትን ንመንግስትኽን ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ከም ምቛም ሓራ ተቖጻጸርቲ ብፍላይ ሃገራውያን ኩባንያታትክን ኣብ ደገ ናይ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ሓደጋ እንተወደቓ፡ ንምጽራይ ዝሕግዝ ሕጋዊ ቅጥዒ ከተተግብራ ይግባእ።
- ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ብግቡእ ሕጋውነት ዘረጋግጽን ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝተጠናነገ ሃዋህው ዝሰርሓ ሃገራውያን ኩባንያታት መሰል ሰባት ኣብ ግምት ንኸእትዋን ሓላፍነተን ከይዝንግዓን ንምዝኽኻር ሕጋዊ መስርሕ ምቛም ይግባእ።
- ምስ መንግስቲ ኤርትራ ርክባት ብምግባር እቲ መንግስቲ ምስ እዘን ኣብ ኣርትራ ዝሰርሓ ኩባንያታት ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምሕጽንታታት ኣብ ግምት ንኸእትዋ ከምዝግደዳ ምዝኽኻር።

**ንመንግስቲ ኤርትራ**

- ናይ ዕደና ትካላት ነዘን ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጉልበት ዝጥቀማ ትካላት ንኸቐጽራ ቅድመ ኩነት ምቕራብ ኣይግባእን። ዝኾነት ትካል ንሃገራዊት ትካል እሞ ክኣ ኣብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ተሳታፊት ዝኾነት ካብ ስራሕ ከተባርራ ኣብ እትውስነሉ እዋን መንግስቲ ነዚ ውሳኔ እዚ ኣይትዓንቅጽ።
- ዝኾነት ትካል ብናይ ኣስገዳድ ናይ ጉልበት ስራሕ ንእትክሰስ ሃገራዊት ትካል ከተጻሪ ኣብ እትፍትነሉ እዋን ምትእትታው ኣቋርጽ። እንድሕር ደኣ ሓንቲ ናይ ዕደና ትካል ንምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ስግኣታት ሃልዩዋ፡ እዛ ትካል እዚኣ ምስ ከምዚ ዓይነት ግፍዕታት ዝፍጽማ ሃገራውያን ኩባንያታት ዘለዋ ስምምዕ ከተቋርጽ ሓግዛ።